ኣብ ሰንዓ ዝተመዝገቡ ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ስነዳቶም ሕጂ ብስሩዕ ኣገባብ ኣብ ቢሮ ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ኣብ ሰንዓ ከሐድሱ ይኽእሉ።
እዋናዊ ሰነድ ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ምሓዝ፡ ከም ሓታቲ ዑቕባ ወይ ስደተኛ ኣብ የመን ንዝህልወካ ሓለዋ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ ብUNHCRን ብሃገራዊ ሰበስልጣንን ዝወሃብ ኣገልግሎት ክትረክብ ዘመቻችእ እዩ።

ድሕሪ 15 ጥቅምቲ 2023፡ UNHCR ግዜኡ ዝሓለፎ ሰነዳት ንዝሓዙ ውልቀሰባት ኣገልግሎት ክህብ ኣይኽእልን እዩ። ድሕሪ እዚ ዕለት እዚ ናብ UNHCR ወይ ናብ መሻርኽቱ ዝቐርቡ ውልቀሰባት ቅድሚ ምሕጋዝም፡ መጀመርታ ሰነዳቶም ብቢሮ ጉዳይ ስደተኛ BRA ከሐድሱ ከድልዮም እዩ።

ቢሮ ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ማእከል ምዝገባ
ኢፕና ውሁድ; ወረዳ ሳብዒን።
ጎደና ኻውላን; ከተማ ሰንዓ; የመን

ኩሉ ሓገዝን ኣገልግሎታትን ብነጻ እዩ።

ዘይግቡእ ተግባር ንምሕባር ብኽብረትኩም ኣብ ታሕቲ ተወከሱ፤
መስመር ቴሌፎን ሓለዋ UNHCR፡ +967 71 222 5038
ናይ UNHCR ሓለዋ ኢመይል፡ yemsaprt@unhcr.org
ቤት ጽሕፈት ዋና ተቖጻጻሪ፡ inspector@unhcr.org

UNHCR
The UN Refugee Agency

ኣብ ሰንዓ - የመን ንዝተመዝገቡ ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ስነዳትን ኣገልግሎትን ምርካብ

UNHCR
The UN Refugee Agency

ሰነደይ ብቕጥታ ምስ UNHCR ከሐድሶ እመርጽ። ከመይ ጌረ እየ ነዚ ክገብር ዝኽእል?

እቲ ዘሕዝን ግን UNHCR ኣብ የመን ሰነዳት ሓተቲ ዕቕባ/ስደተኛታት ኣየውጽእን ወይ ኣየሐድስን እዩ። UNHCR ኩሎም ሓተትቲ ዕቕባን ስደተኛታትን ሰነዳቶም ንምሕዳስ ናብ ቢሮ ጉዳይ ስደተኛታት BRA ክቕርቡ ኣትሪሩ የተባብዕ። ድሕሪ 15 ጥቅምቲ 2023 ሕጂ'ውን ናይ ቀደም ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ምስክር ወረቐትካ እንተሒዝካ፡ ኣገልግሎትን ሓገዝን ክትረክብ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ምቁራጽ ኣገልግሎታት ንኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ንዘለኒ ተበጻሕነት ክጸልዎ ድዩ?

እዚ ድሕሪ **15 ጥቅምቲ 2023** ግዜኡ ዝሓለፎ ሰነዳት ዘለዎም ውልቀሰባት ዝወሃብ ኣገልግሎት ምቁራጽ ምስ ኩሉ ንUNHCRን መሻርኽቱን ዝወሃብ ኣገልግሎት ዝተኣሳሰር እዩ።

ቢሮ ጉዳይ ስደተኛታት BRA ሰነደይ እንተ ኣሐዲሱ ንሳልሰይቲ ሃገር(ሪሰትለመንት) መሰል ክህልወኒ ድዩ?

ሰነዳት ናትካን ናይ ስድራቤትካን ምሕዳስ ናይ ሳልሰይቲ ሃገር(ሪሰትለመንት) መሰል ኣይህበካን እዩ። ሳልሰይቲ ሃገር መሰል ኣይኮነትን፣ ኣብ ዓመት ዝረኽብዎ ኣዝዩ ውሑድ ቁጽሪ ናይ ሳልሰይቲ ሃገር(ሪሰትለመንት) ቦታታት ስለዘሎ ድማ ንኣዝዩ ውሑድ ክፋል ናይቲ ስደተኛ ህዝቢ ጥራይ እዩ ንሓዋሩ ክረኽቦ ዝኽእል። ሕጂ'ውን ንስኻን ስድራቤትካን ብUNHCRን መሻርኽቱን ዝወሃቡ ኣገልግሎታትን ሓገዛትን ክትቅጽሉ ምእንቲ ፡ ሰነዳትኩም ከተሐድሱ ኣጋዳሲ እዩ።

ካርደይ ንምሕዳስ ናብ ቢሮ ጉዳይ ስደተኛታት BRA ክኸይድ ዓቕሚ የብለይን። UNHCR ኣብ ወጻኢታት መጓዓዝያ ክሕግዘኒ ይኽእል ድዩ?

እቲ ዘሕዝን ግን UNHCR ንውልቃዊ ወጻኢታት መጓዓዝያ፡ ወይ ካልእ ምስ መስርሕ ምሕዳስ ሰነዳት ዝተኣሳሰር ወጻኢታት ክመልስ ኣብ ዝኽእል ኩነታት የለን።

ናይ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ሰነደይ ንምሕዳስ ዝግበር መስርሕ እንታይ እዩ?

ሰነድ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ንምሕዳስ ብኣካል ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ብምኻድ ኦርጅናል (ግዜኡ ዝሓለፎ) ሰነድ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ሒዝካ ምምጻእ የድልየካ። ኩሎም ኣባላት ስድራቤትካ ብኣካል ምሳኻ ክኸዱ ይግባእ። ኩሎም ኣባላት ስድራቤትኩም ምስ ሰነዳትኩም ብኣካል ኣብኡ ክህልዉ ኣድላዩ እዩ።

ቆልዑ እንተሃልዮምኻ፡ ናይ ልደቶም ምስክር ወረቐት፡ ከምኡ'ውን/ወይ ካልእ ናይታ ስድራቤት ዝኾነ ናይ መንነት ሰነዳት፡ ከም ግዜኡ ዝሓለፎ ፓስፖርት ሒዝካ ክትመጽእ ኣለካ።

ኣብቲ ግዜ እቲ ክልተ ቅጥዕታት ክወሃበካ እዩ፤

- **ቅጥዒ ምስክርነት መንነት፤** መንነትካ ንምርግጋጽ፡ ብናይ ክባቢኻ ሽማግለን ናብ መንበሪ ዝዛኻ ብዝቐረበ መደበር ፖሊስን ክምላእ፤
- **ቅጥዒ ሕክምናዊ መርመራ፤** እዚ ቅጥዒ ክወሃበካን ናብ ሃገራዊ ማእከላይ ቤተ መርመራ ህዝባዊ ጥዕና (NCPHL) ብምውካስ ግዴታዊ መርመራ ደም ክትገብር ኢኻ። እቲ ቅጥዒ ብውጽኢት እቲ መርመራ ክምላእን ብNCPH ማሕተም ክግበረሉን እዩ። ዝኾነ ንመሕደሲ ሰነድ ኣድላዩ ዝኾነን ኣብ NCPHL ዝግበርን ሕክምናዊ መርመራታት ብነጻ ምኺኑ ኣስተውዕሉ።

ነዞም ቅጥዕታት ምስ መላእኻዮም፡ ድሕሪኡ ነዚኦም ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ክቕርቦም ይግባእ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ንናይ ሰነድ ምሕዳስ ቆጸራኹም ዝኾውን ግዜ ንምርግጋጽ ናይ ቆጸራ ወረቐት ክህበኩም እዩ።

ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ሰነደይ ጠፊኡ። ከመይ ጌረ መተካእታ ክረክብ ይኽእል?

ሰነድካ እንተ ጠፊኡካ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA መተካእታ ሰነድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። መተካእታ ሰነድ ንኽወሃብ መጀመርታ ክትገብሮ ዘለካ፤

- ኣብ ናይቲ ከባቢ ጋዜጣ መወዳውዲ ኣውጽእካ፤ መለለዩ መንነትካ ከም ዝጠፍኦ ምርግጋጽ፤
- ናብቲ ኣብ ጥቓ መንበሪ ዝዛኻ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ምኻድ፣ መለለዩ መንነትካ ከም ዝጠፍኦ ኣፍልጦም፣ መለለዩ መንነትካ ከም ዝጠፍኦ ከም ዝጸብጽብካ ዘረጋግጽ ናይ ፖሊስ መፍለጢ ምሕታት።

እዞም ክልተ ስጉምትታት ምስተዛዘሙ፡ ድሕሪኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ቀሪብካ መተካእታ ሰነድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ድማ እቶም ተዛመድቲ ሰነዳት (ቅዳሕ ናይቲ መወዳውዲን ናይ ፖሊስ መፍለጢን) ምሳኻ ሒዝካ ከም ዝመጻእካ ከተረጋግጽ ኣለካ። ብኽብረትኩም ነቲ ዝጠፍኦ ሰነድኩም ብዘይግቡእ ምጥቃም ንምድራት ንUNHCR እውን ምሕባርኩም ኣረጋግጹ።

ንመንቀሳቐሲየይ ዝጸሉ ስንክልና/ሕክምናዊ ኩነታት ስለዘለኒ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ንኽሕደስ ክቕርብ ኣይክእልን እየ። ናይ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ሰነደይ ብኸመይ ክሐድሶ ይኽእል?

ምስ ዕድመ፣ ምንቅስቓስ ወይ ካልእ ግብራዊ ምጉዳል ዝተኣሳሰር ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ንምርካብ ግብራዊ ብድሆታት ንዘለዎም ውልቀሰባት፣ ኩነታቶም ንምግላጽ ብመንገዲ ጥርዓንን ግብረ መልስን ኣገባብ (CFM) ንUNHCR ክረኽብዎም ይግባእ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ UNHCR ምስ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ብምርኻብ ናይ ዝዛ ምብጻሕ ምድላዋት ክገብር ይኽእል እዩ፡ ኣብ ካልእ ኩነታት ድማ UNHCR ምስ መሻርኽቲ ነቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ ንምምዝጋብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ንኽርከብ ክድግፎ ክሓትት ይኽእል።

ብቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ናይ ወረቐት ስሊፕ ጥራይ እዩ ተዋሂቡኒ። ሕጂ'ውን ሰነድ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ክረክብ ይኽእል ድዩ?

ፈለማ ንሓተቲ ዕቕባ/ስደተኛታት ዝተዋህበ ናይ ወረቐት ስሊፕ ናይ ምትካእ መስርሕ ቀጻሊ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ዘለዉ ውልቀሰባት ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ቀሪቦም ነቲ ናይ ወረቐት ስሊፕኦም ብእዋናዊ ሰነድ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ክትካእ ክሓቱ ይተባበዑ።

ቅድሚ ሕጂ ንመንበሪ ቦታ ኣመልኪተ ነይረ፡ ድሕሪ ሕጂ ግን መንበሪ ዝዛይ ንምሕዳስ ዝኽፈል ክፍሊት ክኽፍል ኣይክእልን እየ። ይኹን እምበር፡ ናይ ሓታቲ ዕቕባ/ስደተኛ ካርደይ ኪሐድስ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት BRA ምስ ኪድኩ፡ ከም ቅድመ ኩነት ናይ ሓታቲ ዕቕባ ሰነደይ ኪሐድስ ነዚ ክፍሊታት ክኽፍል ሓቲቶምኒ? ክፍሊት ክኽፍል ዓቕሚ የብለይን፣ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

UNHCR ብዛዕባ ኩነታት ናይቶም ዝተዋህለለ ክፍሊት መንበሪ ዘለዎም ውልቀሰባት ምስ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ምዝታይ ይቕጽል ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ፍታሕ ይጣበቕ። እቲ ዘሕዝን ግን ንሕጂ ግን ገና ነዞም ጉዳያት ክንፈትሖም ኣይክኣልናን።

ሰነደይ ኣሐዲሱ፡ ኣብቲ ዝረኽብክዎ ሰነድ ግን ጌጋ ኣሎ። እዚ ክእረም/ክእረም ክሓትት ይኽእል ድዩ?

እወ; ኣብቲ ዝወጸ ሰነድ ጌጋ ወይ ጌጋ ኣጸሓሕፋ እንተሃልዩ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት(BRA) ተመሊስካ እዚ ክእረም ክትሓትት ይግባእ። ቅኑዕ ሓበሬታ ዘለዎ ወግዓዊ ሰነድ ሒዝካ ምምጻእ ኣጋዳሲ እዩ፣ ምእንቲ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት (BRA) ነቲ መእረምታ ክገብር ክሎ ነዚ ክውከስ።